
**እንቋዕ ብደሓን መጻእካ!** **እዚ ናይ ዋሽንግተን ኤለክትሮኒካዊ መመሓላለፊ ድጎማን (EBT) ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድ- ድሕንነት ዝመልኦን ምሹእን ብቐሊሉ ንድጎማኻ ኽትጥቀመሉ እትኽእለሉ መገድን እዩ፡፡**

መሰረታዊ ናይ ምግቢ ድጎማ ኽትረክብ ብቑዕ እንተድኣ ኾንካ፡ ነቲ ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድኻ ተጠቒምካ ኦንላይን ኣገልግሎት ዝህቡ ድኳናት ሓዊሱ ኣብ ዝኾነ ተሳታፊ ዝኾነ ድኳን ብቑዕ ዝኾነ ምግቢ ኽትዕድግ ትኽእል ኢኻ።

ጥረ ገንዘብ ክትቅበል ብቑዕ እንተ ኾንካ፡ ነቲ ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድኻ ተጠቒምካ ጥረ ገንዘብ ክትቅበል ወይ ከኣ ኣብተን ኣብቲ መደብ ተሳተፍቲ ዝኾና ድኳናት ንዝዓደግካዮ ነገራት ክትከፍልን ንድጎማኻ ካብ ኤ.ቲ.ኤም ማሽን ከተውጽእን ትኽእል ኢኻ።

## ኣዝዩ ቐሊል እዩ!




### ናይ ዋሽንግተን QUEST EBT ካርድ ኣብ ድኳን ብኸመይ ትጥቀም

1. ንምዕዳግ ቅድሚ ምኻድካ ዘለካ ሒሳብ ብ www.ebtedge.com ወይ ናብ ዓማውል ኣገልግሎት ብምድዋል ሕተት፡፡
2. ነቲ ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድኻ በቲ ፖይንት -ኦፍ-ሴል (POS) ማሽን ሸረጥ ኣቢልካ ኣሕልፎ ወይ ከኣ ነቲ ብዓል ድኳን ወይ ተቐባል ገንዘብ ካርድኻ ሃቦ።
3. ነቲ ተቐባል ገንዘብ፡ እትደልዮ ነገር ብንጹር ንገሮ (ምግቢ ወይ ጥረ ገንዘብ)።
4. ነቲ ብዓል ኣርባዕተ ኣሃዝ ውልቃዊ መለለዪ ቑጽሪ (PIN) ኣእቱ። ቀጺሉ **** ዝብል ክትርኢ ኢኻ።
5. ነታ OK ወይ ENTER እትብል ጠውቃ።
6. እቲ ተቐባል ገንዘብ ነቲ ዝዓደግካዮ መጠን ገንዘብ ከእትውዎ እዩ፣ ቅኑዕ እንተ ኾይኑ፡ ነያ YES እትብል ጠውቃ።
7. እቲ ተቐባል ገንዘብ ቅብሊት ክህበካ እዩ። እቲ ኣብቲ ቕብሊት ዘሎ ሓበሬታ ቕኑዕ ምዃኑ ኣረጋግጽ።
8. ካልእ መዓልቲ ናብቲ ድኳን ክትከይድ ከለኻ ክንደይ ገንዘብ ከም ዘለካ ምእንቲ ኽትፈልጥ፡ ነቲ ቕብሊት ኣይተጥፍኦ።

እቲ ኣካይዳ፡ ከከም እቲ እትጥቀመሉ POS ማሽን ክፈላለ ይኽእል እዩ ወይ እቲ ትጥቀመሉ ስርዓት ረኣይ። ሓገዝ እንተ ደሊኻ፡ ነቲ ተቐባል ገንዘብ ሕተቶ።

ካብቲ ናይ ምግቢ ድጎማ ሕሳብካ፡ እተን ዝዓደግካየን መጠን ገንዘብ ጥራይ እየን ዝንከያ። ምግቢ እንተ ዓዲግካ፡ ድኳናት ማልስ ኣይህባኻን እየን።

ናይ ገንዘብ ድጎማኻ ተጠቒምካ ካብ ድኳናት ጥረ ገንዘብ ከተውጽእ ወይ ምግብን ምግቢ ዘይኰነ ነገራትን (ሳምና፡ ዳይፐር ወዘተ) ክትዕድግ ትኽእል ኢኻ። ድንኳናት ካብ ናይ ጥረ ገንዘብ ሒሳብካ ክትዕድግ እንከለኻ ገንዘብ ክህቡኻ ይኽእሉኣ ዮም፡፡ ሕቶ እንተ ኣልዩካ፡ ነቲ ተቐባል ገንዘብ ሕተቶ።



### ነቲ ናይ ዋሽንግተን QUEST EBT ካርድ ኣብ ኣውቶሜትድ ቴለረማሽን(ኤ.ቲ.ኤም.) ብኸመይ ከም እትጥቀመሉ

(ካብ ኤ.ቲ.ኤም. ጥረ ገንዘብ ጥራይ ኽተውጽእ እትኽእል፣ ብኤ.ቲ.ኤም. ኣቢልካ ናይ ምግቢ ድጎማ ኽትረክብ ኣይትኽእልን)

1. ንካርድኻ ኣእትዋ።
2. ውልቃዊ መለለዪ ቑጽርኻ (PIN) ኣእቱ እሞ ነታ OK ወይ ENTER እትብል ጠውቃ።
3. ነታ WITHDRAW CASH እትብል ምረጽ፣ ድሕሪኡ CHECKING ዝብል ምረጽ።
4. ነቲ ኽተውጽኦ እትደሊ መጠን ገንዘብ ብዘይ ሳንቲም ምሉእ ቍጽሪ ጥራይ ኣእቱ (ንኣብነት፡- $20, $40, $60, ወዘተ)።
5. ተወሳኺ ኽፍሊት እንተ ተሓቲትካ፡
   - ነቲ ተወሳኺ ኽፍሊት እንተ ተቐቢልካዮ ነታ YES እትብል ምረጽ እሞ ጕዳይካ ቐጽል።
   - ተወሳኺ ኽፍሊት ክትከፍል እንተ ዘይደሊኻ እሞ እታ ዝውውር ክተቋርጾ እንተድኣደሊኻ ግና፡ ነታ NO እትብል ምረጽ።
6. ካርድኻን ቕብሊትካን ገንዘብካን ውሰድ። እታ ኤ.ቲ.ኤም. ማሽን ንካርድኻ እንተ ዘይመሊሳትልካ፡ ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል ብምባል ናብ 888-328-9271 ደውል።
7. ንገንዘብካ ቍጸሮ እሞ ምስቲ ቕብሊት ኣረኣእዮ።
8. እቲ ኤቲኤም ቅብሊት እቲ ክሳብ ሕጂ ዘሎ ሒሳብ የርኢ እዩ፡፡

እታ ናይ ኤ.ቲ.ኤም. ማሽን ኣብ ሓደ እዋን ክትህበካ እትኽእል መጠን ገንዘብ ውሱን እንተ ኾይኑ፡ እሞ ኸኣ ንስኻ ንዅሉ እቲ ገንዘብካ ኽተውጽኦ እንተ ደሊኻ፡ ደጋጊምካ ኽተውጽእ ከድልየካ ይኽእል እዩ። ንሕድሕድ ክፍሊት እቲ ኤቲኤም ተወሳኺ ክፍሊት ከኽፍለካ ይኽእል እዩ፡፡

### ምስ ናይ ዋሽንግተን QUEST EBT ዝተሓሓዝ ሕቶታትን መልስታቱን

#### ነቲ ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድ ተጠቒመ ድጎማይ ብኸመይ ክረክብ ይኽእል?

በብወርሒ ድጎማኻ ኣብቲ ቕሙጥ ሕሳብካ ክኣትወልካ እዩ። በብወርሒ ጥቕምታት ንምርካብ ነቲ ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድ ኢኻ እትጥቀም። ንድጎማኻ ጥረ ገንዘብ ንምውጻእ ወይ ምግቢ ንምዕዳግ ክትጥቀመሉ ኸለኻ፡ ኣብ ሕሳብካ ዝተርፍ መጠን ገንዘብ ይንኪ እዩ። ካርድኻ እንተድኣዘይጠፊኡካ፣ ተዘይተሰሪካ ወይ እንተዘይተበላሽዩ ምቕያር ኣየድልየካን፡፡

#### ድጎማይ ካበይ እየ ኽረክብ ዝኽእል፧

ድጎማኻ በብወርሑ ኣብ ተመሳሳሊ መዓልቲ ኣብቲ ናይ EBT ሕሳብካ ክቕመጠልካ እዩ፣ ዋላ እውን እታ መዓልቲ ኣብ ቀዳመ ሰናብቲ ወይ ኣብ በዓላት ትውዓል ክቕመጠልካ እዩ። ኵሉ ድጎማ ኻብ ንግሆ ሰዓት 9 ጀሚሩ ክውሰድ ይከኣል እዩ። ኣብ መወዳእታ ወርሒ ዝተርፈካ ዝኾነ ይኹን ድጎማ ናብ ቀጻሊ ወርሒ ኺመሓላለፍ እዩ።

#### ነቲ ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድ ኣበይ ክጥቀመሉ እትኽእል?

ነቲ ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድኻ ኣብተን ኣብ መላእ ሃገር ዝርከባ ኣብ መደብ ዝሳተፋ ድኳናትን ኤ.ቲ.ኤም. ማሽናትን (ንጥረ ገንዘብ ጥቕምታት ጥራሕ) ክትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። ብዘይካዚ፡ ናይ ኴስት (Quest) ሎጎ ወይ ምልክት ኣብ ዘለዎ ዝኾነ ይኹን ቦታ ንካርድኻ ኽትጥቀመሉ ትኽእል ኢኻ። ናይ Quest ምልክት እንተ ዘይርኢኻ፡ ንኣካያዲ እቲ ድኳን ምግቢ ንምዕዳግ ወይ ጥረ ገንዘብ ንምውጻእ ንካርድኻ ኽትጥቀም ትኽእል እንተ ኾንካ ሕተቶ።

#### ካርደይ እንተ ጠፊኡኒ እንታይ ክገብር ይግብኣኒ፧

ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድኻ እንተ ጠፊኡካ፡ እንተ ተሰሪቑ፡ ወይ እንተ ተበላሽዩ፡ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ምእንታ ክግበርን መተካእታ ክወሃበካን ፡ ናብ ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል ኢልካ ብናጻ መስመር ስልኪ 888-328-9271 ብቕልጡፍ ደውል፡ መተካእታ ካርዲ ድማ ክለኣኸልካ እዩ።

#### ቍጽሪ ካርደይ እንታይ እዩ፧

ቍጽሪ ካርድኻ ኣብ ቅድሚት ሸነኽ ዝርከብ ብዓል 16 ኣሃዝ ቍጽሪ እዩ።

#### ካርደይ ምስራሕ እንተ ኣብዩኸ፧

ናብ ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል ደውል እሞ ክሕግዙኻ እዮም። ናጻ ቍጽሪ ተሌፎን ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል ኣብ ድሕሪት ካርድኻ ኣሎ። ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል ን24 ሰዓት ኣብ መዓልቲ፡ ንሸውዓተ መዓልቲ ኣብ ሰሙን ክፉት እዩ።

#### ኣብ ሕሳበይ ጌጋ እንተ ርእየ እንታይ ክገብር ኣለኒ፧

ሓደ ብዓል ድኳን ብሰንኪ ናይ ኮምፕዩተር ጸገም ካብቲ ናይ EBT ሕሳብካ ብዙሕ እንተ ተኸፊልዎ ወይ ዝተሓተ እንተ ተኸፊልዎ፡ ኣብ ሕሳብካ መአረምታ ኽግበር እዩ። እዚ መአረምታ እዚ ነቲ ሕጂ ዘለካ ወይ ነቲ ናይ ዝቕጽል ወርሒ ሕሳብካ ኽጸልዎ ይኽእል እዩ። እቲ ጌጋ ንሕሳብካ ዝንክዮ እንተ ኾይኑ፡ ናይ EBT መአረምታ ምልክታ ብደብዳበ ኽለኣኸልካ እዩ።

#### ንካርደይ ብኸመይ እየ ኽሕዞ ዝግብኣኒ፧

1. ኣብ ዳሕረዋይ ሸነኽ ካርድኻ ፈርመሉ።
2. ነቲ ውልቃዊ መለለዪ ቑጽርኻ (PIN) ኣብ ካርድኻ ኣይትጽሓፎ።
3. ንካርድኻ ኣብ ደሓን ቦታ ኣቐምጦ፡ ብጽሬት ድማ ሓዞ።
4. ካርድኻ ኣይትዕጸፎ
5. ንካርድኻ ኻብ ከም ተለቪዥንን ሬድዮን ናይ ቪድዮ መጻወቲ ዴክን ማይክሮዌቭን ወዘተ ዝኣመሰለ ማግኔታዊ ኣቕሑ ኣርሕቆ።
6. ቐጥታ ጸሓይ ኣብ ዘለዎ ቦታ ኣይተቐምጦ (ንኣብነት፡- ኣብ ቅድሚት መኪና ኣብ ዝርከብ ዳሽቦርድ).
7. ንካርድኻ ኣይትደርብዮ፣ በብወርሑ ድጎማ ኽትወስድ ክትከይድ ከለኻ ነቲ ካርድ እቲ ኢኻ እትጥቀም።
8. ካብ መጠን ዝሓለፈ ናይ ካርዲ ምቕያር ብምትላል ምርመራ ንክገበረልካ ከስዕብ ይኽእል እዩ፡፡

#### ውልቃዊ መለለዪ ቑጽሪ (PIN) እንታይ እዩ?

ውልቃዊ መለለዪ ቑጽሪ (PIN) ብዓል ኣርባዕተ ኣሃዝ ምስጢራዊ ቍጽሪ ኾይኑ፡ ንስኻ ጥራይ ነቲ ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድ ክትጥቀመሉ ዘኽእለካ እዩ። EBT ካርዲ ካብ ውልቃዊ መለለዪ ቑጽሪ (PIN ወጻኢ ኣይሰርሕን፡፡ ንዝኾነ ይኹን ሰብ ውልቃዊ መለለዪ ቑጽርኻ (PIN) ኣይትንገር! ዝኾነ ይኹን ሰብ ውልቃዊ መለለዪ ቑጽርኻ (PIN) እንተ ፈሊጥዎ፡ ንካርድኻ ተጠቒሙ ዅሉ ድጎማኻ ኽወስዶ ይኽእል እዩ፣ እዚ ገንዘብ እዚ ኸኣ ንዓኻ ኣይምለሰልካን እዩ።

#### ውልቃዊ መለለዪ ቑጽሪ (PIN) ብኸመይ እመርጽ?

ናብ ናይ ዓሚል ኣገልግሎት ብምድዋል ወይ ካብ ከባቢያዊ ኮማዊ ኣገልግሎት DSHS ቤት ጽሕፈት(CSO) በዓል ኣርባዕተ ኣሃዝ ውልቃዊ መለለዪ ቑጽሪ (PIN) ምምራጽ ትኽእል፡፡ ክግመት ዝኽእል ከም "1234 ወይ "0000" ዝበለ ውልቃዊ መለለዪ ቑጽሪ (PIN) ኣይትጠቐም፡፡

#### ንውልቃዊ መለለዪ ቑጽረይ (PIN) እንተ ረሲዐዮኸ፧

ንውልቃዊ መለለዪ ቑጽርኻ (PIN) እንተ ረሲዕካዮ ወይ ውልቃዊ መለለዪ ቑጽርኻ (PIN) ክትቅይሮ እንተ ደሊኻ፡ ናብ ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል ደውል።

#### ግጉይ ውልቃዊ መለለዪ ቑጽሪ (PIN) እንተ ኣእትየኸ፧

ግጉይ ውልቃዊ መለለዪ ቑጽሪ (PIN) እንተ ኣእቲኻ፡ ነቲ ቕኑዕ ንምእታው ሰለስተ ዕድል ክህልወካ እዩ። ኣብ መበል ራብዓይ ፈተነ ትኽክለኛ ውልቃዊ መለለዪ ቑጽሪ (PIN) እንተዘይኣእቲኻ እቲ ካርዲ ሒሳብካ ንምሕላው ክበሃል ክዕጾ እዩ፡፡ እቲ ዝተዓጸወ ክኽፈተልካ ናብ ቤት ጽሕፈት DSHS እንተድኣዘይኬድካ እቲ ካርዲ ክሳብ ፍርቂ ለይቲ ምጥቃም ኣይትኽእልን፡፡ ኣብ ገሊኡ ኾነታት፡ ካርድኻ ኣብ ኤ.ቲ.ኤም. ኣትዩ ኽተርፍ ይኽእል እዩ። እቲ ኤ.ቲ.ኤም. ካርድኻ እንተ ዘይመሊሱልካ፡ ናብ ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል ደውል።

#### ሓደ ሰብ ንውልቃዊ መለለዪ ቑጽረይ (PIN) እንተ ፈሊጥዎ እንታይ ክገብር ኣሎኒ፧

ናብ ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል ብምድዋል ብቕልጡፍ ብምድዋል ሓድሽ ውልቃዊ መለለዪ ቑጽሪ (PIN) ምረጽ ወይ ከኣ ናብ **www.ebtedge.com** ብምእታው ወይ *ebt EDGE* ሞባይል መተግበሪ ውልቃዊ መለለዪ ቑጽርኻ ቐይሮ።

#### ኣብ ሕሳበይ ዘሎ መጠን ብኸመይ ክፈልጥ እኽእል፧

ካብ ኵሉ ዝቐለለ መገዲ፡ ነቲ ዝወሃበካ ቕብሊት ምቕማጥ እዩ። ቕብሊታት ዘይብልካ እንተ ኾንካ ግና፡ ኣብ ኢንተርነት ኣብ **www.ebtedge.com** ኣቲኻ ኽትርእዮ ወይ ebt EDGE ናይ ሞባይል መተግበሪ ክትጥቀም ወይ ናብ ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል ክትድውል ትኽእል ኢኻ። ክትዕድግ ቅድሚ ምኻድካ፡ ኣብ ሕሳብካ ኽንደይ ገንዘብ ከም ዘለካ ኽትፈልጥ ይግብኣካ።

## እቲ ናይ Point of Sale (POS) ማሽን ዘይሰርሕ እንተ ኾይኑኸ፧

በቲ ናይ ምግቢ ድጎማ ተጠቒምካ ተቐባልነት ዘለዎ ምግቢ ኽትዕድግ እኳ እንተ ደለኻ፡ እቲ ናይ POS ማሽን ግና ዘይሰርሕ እንተ ኾይኑ ወይ ኣብቲ ድኳን ሰብ እንተ ዘየልዩ፡ እቲ ተቐባል ገንዘብ ናይ ምግቢ ድጎማ ኩፖን ዝብሃል ፎርም ክመልኣልካ እዩ። እቲ ተቐባል ገንዘብ ነቲ ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድ ቁጽርኻን ዘውጻእካዮ መጠን ገንዘብን ክጽሕፍ እዩ። ነቲ ተቐባል ገንዘብ ውልቃዊ መለለዪ ቑጽርኻ (PIN) ፈጺምካ ኣይትንገሮ። እቲ ተቐባል ገንዘብ ኣብቲ ናይ ምግቢ ድጎማ ሕሳብካ ንምግቢ ዝኸውን እኹል ገንዘብ እንተ ኣልዩካ ንምፍላጥ ተሌፎን ክድውል እዩ፤ ናይ ጥራ ገንዘብ ጥቕሚ ሒሳብኩም ኣይፍትሽዎን። ኣብቲ ናይ ምግቢ ድጎማ ሕሳብካ እኹል ገንዘብ እንተ ኣልዩ፡ ኣብቲ ኩፖን ክትፍርም ክትሕተት ኢኻ፣ ቅዳሕ እቲ ኩፖን ድማ ክውሃበካ እዩ። ነቲ ኣብዚ እተዋህበካ ኩፖን ዘሎ መጠን ገንዘብ ካብቲ ናይ መወዳእታ ኣብ ኢድካ ዝርከብ ናይ EBT ቕብሊት ምእንቲ ኽተጉድሎ፡ ንቕዳሕ እቲ ኩፖን ኣይትደርብዮ። ከምኡ ምግባርካ፡ ኣብ ሕሳብካ ኽንደይ ገንዘብ ከም ዝተረፈካ ንኽትፈልጥ ኽሕግዘካ ይኽእል እዩ። እቲ ድኳን ንናይ ጥረ ገንዘብ ዝኸውን ኩፖን ክህብ ኣይክእልን እዩ።

## ናብ ባንክ ኸይደ ገንዘብ ከውጽእ ወይ ብዛዕባ ናይ EBT ሕሳበይ ኽሓትት እኽእል ድየ፧

ኣይትኽእልን፣ ካብ ኤ.ቲ.ኤም. ወይ ከኣ ኣብቲ መደብ ተሳታፊ ኻብ ዝኾነ ድኳን POS ማሽን ጥራይ ኢኻ ጥረ ገንዘብ ከተውጽእ እትኽእል። ብዛዕባ ጥረ ገንዘብ ወይ ናይ መግቢ ጥቕሚ ሒሳብ ሕቶ እንተድኣ ኣለኩም ናብ ዓማውል ኣገልግሎት ደውሉ፡፡

## ኣብቲ ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርደይ ትሕቲ 10$ ጥራይ እንተ ኣልዩኒ፡ ብኸመይ ከውጽኦ እኽእል?

እዚ ፈንድ ንምውፃእ ብ POS ማሽን ኣቢልካ ክተውፅኦ ወይ ካብዞም ዝሳተፉ ድኳናት ናይ ጥረ ገንዘብ ክተውፅኡ ትኽእሉ ኢኹም፡፡

## ነቲ ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድ ብምጥቃመይ ዝኸፍሎ ተወሳኺ ኽፍሊት ኣሎ ድዩ?

በቲ ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድ ጌርካ ናይ ምግቢ ድጎማ ብምዕዳግካ እትኸፍሎ ተወሳኺ ኽፍሊት የለን። ኣብ ናይ POS ማሽን ኳንካ ናይ ገንዘብ ድጎማኻ ተጠቒምካ ምግቢ ብምዕዳግካ ወይ ጥረ ገንዘብ ብምውጻእካ እትኸፍሎ ተወሳኺ ኽፍሊት የለን።

ዝያዳ ክፍሊት ክህልው ይኽእል እዩ፡፡ ተወሳኺ ኽፍሊት ክብሃል ከሎ፡ ሓደ ወናኒ ኤ.ቲ.ኤም. ወይ POS ማሽን ንማሽኑ ተጠቒምካ ጥረ ገንዘብ ብምውጻእካ ዘኽፍለካ ኽፍሊት እዩ። ጥረ ገንዘብ ብምውጻእካ እትኸፍሎ ተወሳኺ ኽፍሊት፡ ካብ ሕሳብካ እዩ ዝውሰድ። ተወሳኺ ኽፍሊት ክትከፍል እንተ ዘይደሊኻ፡ ተወሳኺ ኽፍሊት ናብ ዘየኽፍለካ ኤ.ቲ.ኤም. ወይ POS ማሽን ኪድ።

## ነቲ ናይ EBT ድጎማ ገንዘብ ብኸመይ እየ ኽጥቀመሉ ዘይብለይ፧

ነቲ ናይ EBT ካርድኻ ወይ ከኣ ነቲ ብናይ EBT ካርድኻ ኣቢልካ እተውጽኦ ገንዘብ፡ ኣብ ኣልኮላዊ መስተ ዝሸየጠሉ ቦታታት፡ ኣብ ትካላት ዋሕስ፡ ናይ ኣባፅሕ መዘናግዒ ቦታታት፡ ኣብ ትሕቲ ዕድመ ዘይኣትውዎ ቦታታት፡ ንምጥላዕ፡ ንምውቃጥ ወይ ንምስቋር፡ ወይ ከኣ ትምባኾ ንምዕዳግ ክትጥቀመሉ ሕጊ ኣይፈቕደልካን እዩ።

## ንድጎማይ እንተ ዘይተጠቐመሉ እንታይ እዩ ዘጋጥም፧

ኣብቲ ዝወጸሉ ወርሒ ዘይተጠቐምካሉ ድጎማ ናብቲ ቐጻሊ ወርሒ እዩ ዝመሓላለፍ። ንእተወሰነ ኻብቲ ድጎማኻ ኣብ ውሽጢ 274 መዓልቲ እንተ ዘይተጠቐምካሉ፡ እቲ ድጎማ ኽስረዝ እዩ። ኣብ ገሊኡ ኹነታት፡ እቲ ድጎማ ክምለሰልካ ይኽእል እዩ።

## ኣብቲ ናይ EBT ሕሳበይ ገንዘብ ክእቱ እኽእል ድየ፧

ኣይትኽእልን ኢኻ። ካብቲ ናይ ገንዘብ ሕሳብካ ከተውጽእ ጥራይ ኢኻ እትኽእል።

## ቀጥታዊ ምእታው ገንዘብ እንታይ እዩ፧

ኣብ ክንዲ EBT እትጥቀም፡ ናይ ገንዘብ ድጎማኻ በብወርሑ ብቐጥታ ናብ ሓድሽ ሕሳብካ ወይ ናብቲ ሕጂ ዘሎ ናይ ባንክ ሕሳብካ ኽኣትወልካ ኽትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ንናይ ምግቢ ድጎማ፡ ቀጥታዊ ምእታው ገንዘብ ክትጥቀም ኣይትኽእል ኢኻ። ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ናብ DSHS ርኸቡ ወይ ናብ 888-235-2954 ደውል።

## ኣማራጺ ተሓዝ ካርድ እንታይ እዩ፧

ንሓደ ሰብ ከም ኣማራጺ ተሓዝ ካርድ ጌርካ ብምምራጽ ድጎማኻ ኣብ ክንዳኻ ክቕበለልካ ኽትመርጽ ትኽእል ኢኻ። እቲ ኣማራጺ ተሓዝ ካርድ ኣብቲ ኸባቢ ናብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ከይዱ ናይ ገዛእ ርእሱ ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድን ውልቃዊ መለለዪ ቑጽርን (PIN) ክቕበል ኣለዎ። ኣማራጺ ተሓዝ ካርድ እንተ ድሊኻ፡ እትኣምኖ ሰብ ምረጽ። ዝጠፍአ ወይ እተሰርቀ ድጎማ ኸም ዘይምለሰልካ ዘክር። ናብ ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል ብምድዋል ነቲ ዝመረጽካዮ ኣማራጺ ተሓዝ ካርድ ክትስርዞ ትኽእል ኢኻ።

## መዓስ እየ ናብ ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል ክድውል ዝኽእል፧

- ካርድኻ እንተ ጠፊኡ፡ እንተ ተሰሪቑ፡ ወይ እንተ ተባላሽዩ ደውል።
- ውልቃዊ መለለዪ ቑጽርኻ (PIN) እንተ ረሲዕካዮ ወይ እንተ ጠፊኡ ደውል።
- ውልቃዊ መለለዪ ቑጽርኻ (PIN) ንምቕያር ወይ ንምቕያር
- ኣብ ሕሳብካ ዘሎ መጠን ገንዘብ ክትፈልጥ እንተ ደሊኻ ደውል።
- ነተን ምስ ሕሳብካ ዝተሓሓዛ ናይ መወዳእታ 10 ጉዳያት ንምስማዕ ደውል።
- ምስ ሕሳብካ ዝተሓሓዝ ናይ ክልተ ወርሒ ታሪኽ ክትፈልጥ እንተ ደሊኻ ደውል።
- ብዛዕባ እቲ ልውውጥ ሕቶ እንተድኣ ኣለኩም፡፡
- ሕቶታት እንተ ኣልዩካ ወይ ብዛዕባ ካርድኻ ሓገዝ እንተ ደሊኻ ደውል።

## ክግዕዝ እንተ ሓሲበ ወይ ኣድራሻይ እንተ ቐይረ እንታይ ክገብር ኣለኒ፧

ኣድራሻኹም ምምሕያሽ ሓዊሱ ዝኾነ ዓይነት ለውጢ ሪፖርት ንምግባር ን DSHS ብ 877-501-2233 ብምድዋል ወይ ኦንላይን ሪፖርት ንምግባር **www.washingtonconnection.org** ተጠቐሙ፡፡

This pamphlet is available in your language at your local DSHS Office.

ይህ አስተኛ መጽሔት በቋንቋዎ በአካባቢዎ የዲኤስኤችኤስ ጽህፈት ቤት ይገኛል። (Amharic)

إن هذه النسخة موفرة لك بلغتك في مكتب الـ DSHS في الضاحية التي تسكن بها. (Arabic)

កូនសៀវភៅនេះមានផ្តល់ជូនជាភាសារបស់លោកអ្នកនៅឯការិយាល័យ DSHS ប្រចាំតំបន់របស់លោកអ្នក ។ (Cambodian)

本小冊備有您的語言版本，可向您當地的 DSHS 辦事處索取。 (Chinese)

این جزوه در زبان شما در اداره خدمات اجتماعي و درماني DSHS منطقه ايتان در دسترس مي باشد. (Farsi)

Dlaim ntawv nuav muaj txhais ua koj yaam lug hab nwg nyob rua ntawm lub DSHS kws ze koj ko. (Hmong)

이 팜플렛의 한국어 팜플렛은 귀하지역 관할 보건사회부(DSHS) 사무소에 비치돼 있습니다.(Korean)

ປື້ມຄູ່ມືຫົວນີ້ມີໃວ້ໃຫ້ໃນພາສາຂອງທ່ານຢູ່ທີ່ຫ້ອງການ DSHS ທ້ອງຖິ່ນຂອງທ່ານ. (Laotian)

ਇਹ ਪੈਂਫਲੇਟ ਤੁਹਾਨੂੰ ਮਿਲ ਸਕਦਾਂ ਹੈ ਆਪ ਦੀ ਭਾਸ਼ਾ ਵਿਚੱ ਆਪਣੇ ਸਥਾਨੀ DSHS ਦਫਤਰ ॥ (Punjabi)

Acest pamflet este disponibil în limba dumneavoastră la oficiul DSHS local. (Romanian)

Вы можете получить эту брошюру на своём языке в своём местном офисе DSHS.(Russian)

O lo'o maua le tusi lea i lau gagana i le ofisa o le Welfare (DSHS). (Samoan)

Ovaj pamflet je dostupan i na vašem jeziku u vašem mjesnom DSHS uredu. (Serbo-Croatian)

Waraaqahani waxaad ka helikartaa xafiiska Walfeerka, DSHS, ee kuu dhow, iyaga oo ku qorran afgaaga. (Somali)

Ang pamphlet na ito ay nakasulat rin sa Tagalog at makukuha sa tanggapan ng DSHS na pinakamalapit sa inyo. (Tagalog)

እዚ መጽሔት እዚ ብቓንቋኹም ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ዌልፈር ይርከብ (Tigrigna)

Ви можете одержати цю брошуру на своїй мові в своєму місцевому офісі DSHS.(Ukrainian)

Tập sơ liệu này hiện có bằng ngôn ngữ của quí vị tại văn phòng DSHS địa phương.(Vietnamese)

USDA ንኹሉ ሰብ ማዕረ ኣጋጣሚ ንምሃብ ዝጽዕር ወሃብ ኣገልግሎትን ስራሕን እዩ።


©2021 FIS. All rights reserved.

Washington State Department of Social & Health Services

Transforming lives

DSHS 22-310 TI (Rev. 09/21) Tigrigna

# ናይ ዋሽንግተን Quest EBT ካርድ ምጥቃም




**ናይ መቕጻዕቲ መጠንቀቕታ፦**

**እቲ EBT ካርዲ ምሻጥ ወይ ንምሻጥ ምፍታን ወይ ንናይ መግቢ ጥቕምታት ንምልዋጥ ምፍታን ንጥረ ገንዘብ፣ ዕጻት፣ ኣጽዋር ወይ ካልእ ካብ ፍቓድ ዘለዎ ነጋዳይ ዝወሃብ ሕጋዊ መግቢ ወጻኢ ምልዋጥ ሕጋዊ ኣይኮነን፡፡ ኮነ ኢልካ ብዘይኣገባብ ኣብ ጥቕሚ ምውዓል ምውጋድ፣ ቅጽዓትን ሕጋዊ ስጉምታትን ንናይ ወንጀላዊ ክሲ ሓዊሱ ከስዕብ ይኽእል፡፡**

ብዛዕባ ሕሳብካ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ፡
ኣብዚ ዝስዕብ ወብ ሳይት ርአ፦
**www.ebtedge.com**
*ወይ ድማ ebt EDGE ምባይል መተግበሪ ተጠቐሙ*

ወይ ናብዚ ዝስዕብ ደውል፦

## ማእከል ኣገልግሎት ዓማዊል

**888-328-9271**
**711 (TTY State Relay)**
**800-833-6385 (Telebraille)**